ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ

ኣሥመራ - ኤርትራ

# "ናባይ ተመለሱ እሞ፣ ደኃኑ"

"ተመየጡ ኀቤየ ወተሓይዉ" (ኢሳ 45:22)

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

እንሆ ሎምዘመን እውን፣ ኣይብኃይልናን፣ ብኃይሊ ልዑል ኣምላኽ፣ ናብ ሓዲስ ዓመተ ምሕረት ግእዝ 2015 ንሳገር ኣሎና። ኣብዚ ምጅማር ዘመነ ሉቃስ እምበኣር፣ በቶም፣ "ኀብረት፣ ተሳትፎ፣ ተልእኮ" ዝብሉ መራሕቲ ኣርእስቲ ሲኖዶሳዊ ጉዕዞ ተጸሚድና፣ ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ነዚ እግዚኣብሔር ባዕሉ ኣብ መጽሓፍ ኢሳይያስ ነቢይ፣ *"ኣምላኽ ኣነ እየ፣ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ ስለዚ ኣቱም ኣብ ኩሉ ወሰናት ምድሪ ዘሎኹም ሕዝቢ፣ ናባይ ተመለሱ እሞ ደኃኑ"* (ኢሳ 45:22) እናበለ ዘቕርበልና ዘሎ ዕድመ ብምሉእ ልብና ነድህበሉ። ሸሕኳ እግዚኣብሔር ደጋጊሙ፣ ናብኡ ንክንምለስ ዝኣክል ጊዜን፣ ብዙኅ ዕድልን እንተ ሃበና፣ ብወገንና ግን ብዙኅ ሸለልትነት ነርኢ ኢና። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትናን ስራሕናን ብዙኅ ጊዜ ብዘይ ሓገዝ ኣምላኽ ክንነብር፣ ክንሰርሕ፣ ከነሰልጥ ንኽእል ይመስለና። ኣብ ክንዲ ብእግዚኣብሔር ንመሃር ንሕና ክንምህሮ፣ ኣብ ክንዲ ብእኡ ንምራሕ፣ ንሕና ክንመርሖ ንደሊ። ብሓጺሩ ኣብ ክንዲ ንሕና ንሰምዖ ክሰምዓና ጥራይ ንደሊ፥ ፍቓዱ ክንዲ ንፍጽም ፍቓድና ክፍጽመልና ጥራይ ንምነ። በዚ ምኽንያት እዩ ሎሚ'ውን፣ ኣምላኽና፣ *"ኣየ! ኣቱም ቂናናት! ኣየናይ ይበልጽ፣ መሬትዶ ሰራሒኡ፣ ስሩሕዶ ንሰራሒኡ 'ንስኻ ኣይሰራሕካንን፣ ከምኡውን ኣይተስተውዕልን ኢኻ' ይብሎ እዩ፣"* (ኢሳ 29:16) እናበለ ዝሓተናን ዝብድሃናን ዘሎ። ፈጣሪና፣ መድኃኒና፣ ሓላዊና ምኳኑ ፈሊጥናን ተኣሚንና ክንዲ ነኽብሮን፣ነምልኾን ንሰግደሉን፣ ብርእስና ከም ድልየትና ክንከይድ ንደሊ። ሓቀይና ሃይማኖት ወይ ኣምልኾ ግን፣ ቅድሚ ኩሉ መንነትካ ምፍላጥ እዩ። እግዚኣብሔር ፈጣሪኻ፣ ምኳኑ ተኣሚንካ ንኣኡ ዝግባእ ስግደትን ኣምልኾን ከተቕርብ እዩ ዝግባእ። *"ናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ ቀዳማይ ተግባሩ ኣምልኾት (ስግደት) እዩ። ንኣምላኽ ምምላኽ (ምስጋድ) ማለት ከም መጠን ፈጣሪ፣ ኣምላኽ ምቕባሉ፣ ፈጣርን መድኃንን፣ ናይ ኩሉ'ቲ ህልው ዘበለ ዋናን ጐይታን፣ መወዳእታ ዘይብሉን፣ ምሕረት ዝመልአ ፍቕርን ከምዝኾነ ምእማኑን ምቕባሉን ማለት እዩ። ኢየሱስ ድማ ኦሪት ዘዳግም ብምጥቃስ፣ 'ንእግዚኣብሔር ሰገድ ንኣኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ' ይብል"* (መዝገበ ሃይማኖት ቊ. 2096፣ ሉቃ 4:8 ዘዳ 6:13 ረአ)።

ብሓጺሩ እግዚኣብሔር ፈጣሪ ንሕና ፍጡራት፣ ንሱ ከኣል ኩሉ ንሕና ድኹማት፣ ንሱ መድኃኒ ንሕና ጥፉኣት፣ ምኳንና ፈሊጥና፣ ናብኡ ክንጉዩ ከሎና ኣብ ሃይማኖትና ጸኒዕና ኣሎና ማለት እዩ። ነዚ ረሲዕና ከም ክኢላታትን ፈላጣትን ብዘይ ኣምላኽ ክነብሩ ክገብሩ ዝኽእሉ ኮይንና ክንካየድ ከሎና ግን፣ ከምቲ ኣብ መልእኽቲ ቅዱስ ጳውሎስ እንረኽቦ፣ ነቲ መንነቱ ከይፈለጠ ልዕሊ ዓቅሙ ዝመጣጠር ሰብ ኢና ንመስል። ስለዚ፣ *"ኣታ ሰብ፣ ንኣምላኽ እትማጐቶ መን ኢኻ፣ ግቡርዶ ንገባሪኡ 'ንምንታይ ከምዚ ገርካ ሰሪሕካኒ፣' ይብሎ እዩ?"* (ሮማ 9:20) ዝብል ግብራዊ ሕቶ ክቐርበልና ከኣ ግቡእን ቅኑዕን እዩ። እምላኽና'ውን ደጋጊሙ *"ቃል ሓቂ ካብ ኣፈይ ወጺኡ ኣሎ፣ ኣይክልወጥን ከኣ እዩ። ኩሉ ብርኪ ክሰግደለይ እዩ፣ ልሳን ከኣ ብኣይ ክምሕል እዩ፣ ኢለ ብርእሰይ እምሕል ኣሎኹ"* (ኢሳ 45:23) እናበለ ዓመት መጸ ነቲ ሓቀይና መንነትናን ክእለትናን ከዘኻኽረና ይደሊ። ምእንቲ ንኩልና ክሕሸና እምበኣር ነዚ፣ *"ኣነ ሕያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሔር፣ ኩሉ ብርኪ ክሰግደለይ እዩ፣ ኩሉ ልሳንውን ኣነ ኣምላኽ ምኳነይ ክእመን እዩ"* (ሮማ 14:11) ዝብል ዘይጋገ ቃል ጐይታ ንዘክር። ካብ ዘየሎ ብኣምሳሉ ፈጢሩናን ወትሩ ይኃልየልናን ጥራይ ዘይኮነ፣ *"ቡቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ"* (ዮሓ 3:16)። እዚ እግዚኣብሔር መዓልቲ መጸ ዘወፍየልና ድኅነት ከኣ ብሕማማትን፣ ሞትን፣ ትንሣኤን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ተረኺቡ። *"ስለዚ ንክብሪ ስም ኢየሱስ፣ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ኩሉ ፍጥረት ብብርኩ ክምብርከኽ እዩ፣ ንክብሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ከኣ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ከምዝኾነ ብጋህዲ ክእመን እዩ"* (ፊል 2:10-11)። ኣብ መጨረሽታ ዓለም ድማ፣ ከምቲ ዮሓንስ ኣብ ራእዩ *"እቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን፣ ኣብ ትሕቲ ምድርን ኣብ ባሕርን፣ ኣብኣቶም ዘለው ኩሎም ፍጡራን ድማ፣ 'ውዳሴን ክብርን ግርማን ሥልጣንን ነቲ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ዘሎን ነቲ ገንሸልን ይኹን' ኪብሉ ከለው ሰማዕኩ"* (ራእ 5:13 እናበለ ዝመስክሮ ነፍስ ወከፍና እውን ኣብ ሕይወትና፣ ንእግዚኣብሔር ፈጣሪናን፣ ንኢየሱስ ክርስቶስ መድኃኒናን ማእከላይ ቦታ ሂብና፣ ብእምነትን ብተስፋን ብፍቕርን ምስ እንነብርን ምስ እንካየድን ኢና ዕውት ካቶሊካዊ ሕይወት ክንመርሕ ንኽእል)። ኣብ ግላዊ ጸሎትና ኮነ ኣብቲ ብኃባር እንፍጽሞ ግብረ ኣምልኾና ኣቐዲምና ንኣምላኽና ክንሰግድ፣ ክንውድስ፣ ከነመስግን እዩ ዝግብኣና። እቲ ባዕሉ ኢየሱስ ዝመሃረና "ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና" ዝብል

ጸሎት እውን *“ስምካ ይመስገን፣ መንግሥትኻ ትምጻእ፣ ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከማኡ ኣብ ምድሪ ይኹን”* ብምባል እዩ ዝጅምር። እዚ ከኣ እዩ እቲ ቅኑዕ ኣምልኾ። ድሕሪ እዚ ከኣ ናይ ልመናን ናይ ንስሓን ጸሎት ከነቕርብ የምዕረልና እዩ።

ነዚ ኩሉ ንምግባር ግን ነቲ *“ተመየጡ ኀቤየ ወተሐይዉ”*፣ *ናባይ ተመለሱ እሞ ደሓኑ*፣ ሕወዩ፣ ጠዓዩ፣ ዝብል ጥዑም ድምጺ ኣምላኽና ክንቅበል የድሊ። በዚ ምስ መላእ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ጉዕዞ ሲኖዶስ ተጸሚድናሉ ዘሎና ክቡር ጊዜ፣ ነዚ ሓዱሽ ዓመት ክንጅምር ከሎና እምበኣር፣ እምነትና ክበራብር፣ ተነሲሕና ምስ ኣምላኽናን፣ ምስ ርእስናን፣ ምስ ብጻይናን ዕርቅን ሰላምን ክንገብር ንዕደም ኣሎና ማለት እዩ። እግዚኣብሔር *“ናባይ ተመለሱ እሞ ደሓኑ”*፣ ክብለና ከሎ፣ ‘ካባይ ርሒቕኩም ኣሎኹም፣ እሞ ቅረቡ፣ ተጋጊኹም ኣሎኹም፣ ተኣረሙ፣ ተባኢስኩም ኣሎኹም ተዓረቑ፣ ተፈላሊኹም ኣሎኹም እሞ ኀበሩ/ተኣከቡ፣ ደኺምኩም ኣሎኹም እሞ በርትዑ፣ መንገዲ ስሒትኩም ኣሎኹም እሞ ተመለሱ’ ይብለና ከምዘሎ ተረዲእና፣ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ሓዱሽ ሕይወት ክንጅምር ንተዓጠቕ። እዚ ማለት ከኣ፣ ዓሚቑ እምነትን መንፈስ እውነተይና ኣምልኾን ሰግደትን ምእንቲ ክሓድረና፣ መዓልቲ መጸ፣ ነቲ ርኀሩኅ ኣቦና፣ ከምቲ ዳዊት መዘምር ዝብሎ፣ *“ብኣኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፣ ንግሆ ንግሆ ምሕረትካ ኣሰምዓኒ። ጸሎተይ ናባኻ ኣዕርግ ኣሎኹ እሞ፣ እታ ዝኸዳ መንገዲ ኣፍልጠኒ----ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ እሞ፣ ምግባር ፍቓድካ ምሃረኒ፣ ሠናይ መንፈስካ ብቕኑዕ መንገዲ ይምርሓኒ”*(መዝ 143:8.10) እናበልና ንጸሊ። እዚ ትሕትናን እምነትን ዝመልአ ዓይነት ጸሎት እዩ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን ዘለዎ።

መዝገበ ሃይማኖትና እውን ትርጉም ሓቀይና ኣምልኾ ክገልጽ ከሎ፣ *“ንእግዚኣብሔር ምምላኽ እምበኣር፣ ዓበይቲ ነገራት ከምዝፈጸመን፣ ሰሙውን ዓብይ ከምዝኾነን፣ ከምቲ ናይ ማርያም ‘ጸሎተ ተዐብዮ’ ብመንፈስ ምስጋና ብምእማን (ብምቕባል) ነኣኡ ምውዳስን፣ ክብ ምባልን፣ ንርእስኻ ምትሓትን ማለት እዩ። ነቲ ሓደ ኣምላኽ ምስጋድ (ምምላኽ)፣ ንሰብ ናብ ርእሱ ንከየተኩርን ካብ ባርነት ኃጢኣትን ካብ ጣዖት’ዚ ዓለም’ዝን ሓራ የውጽኦ”* (መዝገበ ሃይማኖት ቀ.2097) እናበለ የብርሃልና። ንቅኑዕ ኣምልኾ ዝጻረር ቀዳማይ ዕንቅፋት ትዕቢትናን ኣነነትናን እዩ። ነዚ ከኣ ቅንዕናን ትሕትናን እዩ ፈውሱ። ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዱሽ ዓመት፣ በቲ ልሙድ ሓጺር ጸሎት ጌርና፣ ብምሉእ ልብና፣ *“ኦ ኣምላኸይ፣ ኣነ ኣኣምን፣ ኣነ እሰግድ፣ እፈትወካ፣ እደልየካ፣ ምሳኻ ሓደ ግበረኒ፣ ናባኻ ለውጠኒ”* እናበልና ንጽሊ እንተኮይንና፣ ሃይማኖትና እናደልደለ፣ ፍቕርና እናተቓጸለ፣ ተስፋና ድማ እናበርትዐ ክኸይድ እዩ። ብዘይ ኃይሊ ኣምላኽ ናብኡ ክንምለስ ኣይንኽእልን ኢና። በዚ እዩ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ’ውን *“እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፣ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፣ እቲ ኣባይ ዝነብር፣ ኣነ’ውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ፣ ምኽንያቱ፣ ብዘይካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም”* (ዮሓ 15:5) ዝበለና። ብቕንዕናን፣ ሓቅነትን ናብ እግዚኣብሔር ክንምለስ፣ ሕይወትና ከነመዓራሪ፣ ከም ፍቓዱ ክንነብር እንተደሊና እምበኣር ንሕና’ውን ንጐይታና *“ጐይታየ፣ ምሕረትካ ሠናይ እዩ እሞ መልሰለይ፣ ከም ዕቤት ርኅራኄኻ ናባይ ተመለስ። ኦ እግዚኣብሔር ካብ ገልያኻ ኣይትተኀባእ፣ ጸቢቡኒ ኣሎ እሞ ሕጂ መልሰለይ። ናባይ ንዓ እሞ ኣድኅነኒ፣ ካብ ኢድ ጸላእተይ ኣናግፈኒ”* (መዝ 69:16-18) እናበልና ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ፣ ንሱ ከምዝደልዮ፣ ንሱ ስለዝደልዮ ክንነብርን ክንሰርሕን የድሊ።

*“ተመየጡ ኀቤየ ወተሓይዉ”*፣ ናባይ ተመለሱ እሞ ደሓኑ፣ ዝብል ጸዋዒት እግዚኣብሔር ከም ውልቀ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ከም ስድራቤት፣ ከም ማኅበር፣ ከም ቊምስና፣ ከም ኤጳርቅና፣ ከም መላእ ቤተክርስትያን፣ ተነሲሕና ናብኡ ክንምለስ እሞ፣ ምስ ርእስናን፣ ምስኡን ኣብ ነንሓድሕድናን ምስ ከባቢናን እውን ከይተረፈ ዕርቀ-ሰላም ክንገብር ከምዝደሊ እዩ ዘረድኣና ዘሎ። እምበኣር፣ ሓደ ካብቲ ጭቡጥ ምልክት ናይ ምምላስና፣ ኣብ ጽዑቕ ጸሎትን ጾምን ምህልላን ንስሓን ዕርቅን እንተተጸመድና እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ፣ ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት፣ ኣብዚ ምጅማር ሓዱሽ ዓመት፣ መድኃኔ ዓለም ብምሕረቱ ሓቀይና ሰላምን ፍትሕን ራህዋን ምእንቲ ከውርደልና፣ **ካብ ርእሰ ዓመት በዓለ ቅዱስ ዮሓንስ ክሳዕ በዓለ መስቀል ዘሎ መዓልታት ( ፩-፲፯ መስከረም ፳፻፲፭ ዓ.ም.ግ፣ 11-27 መስከረም 2022 ዓ.ም.ፈ.)፣ ፍሉይ ናይ ምህልላን ጾምን ጸሎትን ጊዜ ክኾነልና ወሲኑ ዘሎ** እሞ፡ ኣብ መላእ ርእሰ-ኤጳርቅና ኣሥመራ’ውን ብትግሃት ክትግበር ሓደራ እብል። እቲ *“ለምኑ ክወሃበኩም እዩ፣ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፣ ማዕጾ ኳሕኩሑ ክረሓወልኩም እዩ። ከመይ ዝለመነ ኩሉ ይቕበል፣ ዘደለየ ይረክብ፣ ማዕጾ ዝኳሕኩሐ ድማ ይረኃወሉ እዩ”* (ማቴ 7:7-8) ዝበለና፣ መድኃኒና ክርስቶስ፣ ካብ ኩሉ ሕማምናን ቊስልናን፣ ጭንቀትናን፣ ሻቕሎትናን፣ ምእንቲ ከሕውየና፣ በዘን ዝተጠቕሳ መዓልታት፣ ኩሉ ካልእ ሓጀትና ገዲፍና ብእምነትን ብተስፋን፣ ብምሉእ ልብና፣ ንምህለል፣ ንጹም ንጸሊ፣ ንነሳሕ ንመለስ። ደጋጊሙ፣ *“ናባይ ተመለሱ እሞ ደሓኑ”* ዝብል ሕያዋይ ኣቦ እዩ ዘሎና እሞ፣ ንዓና ክሕሽና ነዚ ለዋህ ዕድመኡ ነኽብር። ዝተባረኸ ሓንሰ-መስቀለ ገቢሩ፣ ነዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዱሽ ዘመን፣ ዓመት ራህዋን፣ ፍትሕን ሰላምን ምዕባለን ይግበረልና። ንዓመታ ዝእዋን ብድኃነ ሰላም የጽንሓና፣ ዓመት ንዓመት የድግመና።

+ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ

Metropolitan Archeparchy of Asmara